መጋቢት ፲፭/፲፱፻፺፱ ዓ/ም

ኪዳን ወዲ ዲህን

## ረይጣጥስ'ያ ዳዕሮ ይንቕንቕ!

ኣብ ዘይዓቕሙ ዝመጣጠር፣ ክገብሮ ዘይክእል ነገራት'ውን ክገብር ዝፍትን፣ ኣልቦ ፍረያት ዓቕሙ፣ ገንዘቡ፣ ግዜኡን ጕልበቱን ንበለል ፀንቂቑ ዘፍስስ፣ ፅልኢ ትርፉ ጨጕሪ ኣብኣፉ ዝኮነ፣ ወጠጥ-ወጠጥ ዝብል ከንቱ ዓቕሙ ዘይፈልጥ ነውራም ሰብ እንተጋጥሞም ወለድና፣ «ረይጣጥስ'ያ ዳዕሮ ይንቕንቕ» እናበሉ ይምስሉ። ንነገር ነገር የምፅኦ ንትሓግ ድጕሪ የውፅኦ ከምዝብሃል፣ ንዚ ነባር ባህላዊ ምስላ'ዚ ዘዘኻኽረኒ ሓደ ነገር ኣሎ። ንሱ'ውን ናይ ሻዕቢያ ቅጥዒ ዘይብሉ ዓበጥ-በጥ፣ ኣብ ዘዓቕሙ'ውን ረይጠጥ-ረይጠጥ ክብል ምርኣየይ እዩ። ብሓፈሻኡ ብዞም ዓቕሞም ዘይፈልጡ ሻዕቢያውያን ኢረትራውያን ጕረባብትና ዝግበር ነገራት ኵሉ ክትሓስቦን ክተስተንትኖን ከለኻ'ኮ ብጣዕሚ! …ብጣዕሚ ዘግርም ነገር'ዩ።

፩ይ. እምበር'ከ ልቢ'ዶ ኣለዎም?

፪ይ. ዓቕሞም'ዶ ይፈልጡ? ካብ ሕሉፍ ታሪኽ ምምሃር ነውሪ ድዩ? ንምንታይ'ከ ዘይዝክሩ?

፫ይ. ታሪኾምን መበቈሎምን ካበይ ከምዝመፁ ይፈልጡ'ዶ?

፬ይ. ሓቀኛ መንነቶም ንክፈልጡ፣ ንታሪኾም ዳሕሲሶም'ዶ ይፈልጡ? … ወይስ …?

፭ይ. ኣንፈት ጕዕዞ'ኦም ፈቲሾም፣ ኣበይ ነይሮም ኣበይ ከምዘለዉ፣ ናበይ ኣቢሎም'ውን ይጕዓዙ ከምዘለዉ'ስ ይሪኡዎ'ዶ ኣለዉ? ወይ'ስ ዓይኒ ልቦናኦም ተደፊኑ፣ ዓይኒ የብለይ ስኒ የብለይ፣ ኣልቦ ኣምር፣ ዕዉር ንዕዉር ተማሪሖም ናብ ገደል፣ ናብ ዱር'ዩም ዝፀድፉ ዘለዉ?

፮ይ. እዞም ረያጥጥ ሻዕቢያውያን ልዕሊ ዓቕሞም ጃህራ ወጠጥ የብዝኑ፣ ይብጠጡ፣ ይምጠጡ ኣለዉ። ሻዕቢያ ንኢረትራ'ኸ እንታይ ስለ ዝረኣዩላ'ዮም ሃፍታም እያ እናበሉ ዝምክሑላ? ትምክሕቲ'ኮ ጽቡቕ ኣይኮነን፤ ርእሱ ዘልዓለ ይሓሥር፣ ርእሱ ዘትሓተ ይኸብር እዩ'ሞ እንተ ዝኸብሩ'ዶ ኣይምሐሸን። ንምንታትይ እዮ'ም ዝምክሑ? ዘይምፍላጦም ድዩ?

፯ይ. መሓውር ሥነ-ቍጠባ ሃገር ሓቝፉን ደጊፉን ከታቲ ዝኽእል ፍልፍል ሥነ- ቍጠባዊ ትሕዝቶ ኣብ ከርሰ ምድሪ ይኹን ኣብ ልዕሊ ምድሪ ኢረትራ ዘልዋ ሃፍቲ እንታይ እዩ?

፰ይ. ንምኻኑ'ኸ ኣብ ኢረትራ ብሱል ወይ ጥረ ሃፍቲ ምሃልዉን ዘይምህላዉን ንምፍላጥ ፅንዓትን ምርምርን ተኻይዱላ ድዩ? ብሓፂሩ ኢረትራ ትሕዝቶ ኣለዋ'ዶ ወይስ የብላን? ወይስ ኣብ ጥራሕ መይዳ እዮም ጃህራ ወጠጥ ዝምክሑ ዘለዉ?

እስቲ ምእንታን ደስ ክብሎም'ስ ኢረትራ እማንኩም ሃፍታም እያ፤ ብሱልን ጥረን ኵሉ ዓይነት ሃፍቲ ኣለዋ ኢልና ነፍስና ኣዕሺና ንእመነሎም፣ ንቀበሎም። እሞ እንተሃለዋ'ኸ ሃፍቲን ፍርያትን ሓንቲ ድሕርቲ ሣልሳይ ዓለም ምኻኑ'ስ ረሲያምዎ ድዮም ወይ'ስ ነፍሶም እዮም ዝጥብሩ ዘለዉ? እንተ ኮነ'ኸ፥ እቲ ሃለዋቱ ዘይተፍልጠ ሃፍቲ ተጠቕምካ ሥነ-ቍጠባ ክተዕቢ ክክየድ ዘለዎ ጉዕዞ ንሻዕቢያ ክረኣዮም ኣይከኣለን እምበር ብጣዕሚ ኣድካሚ ይመስለኒ። ብዙኅ! …ብዙኅ!! ላዕሊን ታሕቲን፣ ክትወፅእ፣ ክትወርድ፣ ብዙኅ!! …ብዙኅ ክትፅዕር፣ ዕንክሊል ክትብል ክትደክም ኣለካ። ንህንጸት ሥነ-ቍጠባ ሃገር ዝኸፈል መስዋእቲ ብዙኅ! …ብጣዕሚ! …ብጣዕሚ ብዙኅ እዩ። ብዙኅ! …ብዙኅ! ገንዘብን ፍልጠትን ጕልበትን ይሓትት። እዚ ኵሉ ተቓሊስካ መስዋእቲ ከፊልካ'ውን እንተኾነ፣ እቲ ዝፈሪ ፍርያት እንሆ ፍርያት ሣልሳይ ዓለም ስለዝኾነ ኣብ ዓለም ለኸ ዕዳጋ (Global Market) ተወዳዲሩ'ስ በቕሊልሉ ተሸይጡ ባጤራ (Hard currency) ከምፅእ'ዩ ኢልካ ምሕሳብ ግሩህነት'ዩ። እዚ ንሻዕቢያ ዝተገለፀሎም ኣይመስልን። ምኽንያቱ'ውን ንኢረትራ ኣፍሪቃዊት ሲንጋፖር ክንገብራ ኢና እንትብሉ ካብ ገሊኣን ዓዲታት ሸምጢጦም፣ ካብ ገሊኣን ጕምጢጦም፣ ተዓሚቱ ዝውረር እንተ ረኺቦም ወሪሮም ብቐሊሉ ክህፍትሙ'ዩ ዝመሰሎም ነይሩ።

*ብሓቂ ንዚ ሕቶታት'ዚ ክምልሱዎ፣ ክሓስቡሉን ክጭነቑሉን ዘለዎም ባዕልቶም ኤርትራውያን እዮም። ምኽንያቱ'ውን እዚ ሕቶታት'ዚ ከይመለሱ ንቅድሚት ክስጉሙ፣ ክርህዎም፣ ሰላም ክረኽቡ፣ ክቕስኑ ወይ ክምዕቡሉ ኣይኽእሉን ጥራይ ዘይኮነ'ስ ዘይሕሰብ ዘበት ሕልሚ እዩ። እዚ ፀገማት'ዚ ብናይ ደቂ-ሹቕ ከተማ ሚላኖ ዕውልነት ሸዊድካ ዘሕለፍ ኣይኮነን፤ እዚ ዕርቃኑ ዝወፀ ጣጣ እዩ'ሞ ክሽፋፈን ክሕባእ'ውን ዝከኣል ኣይኮን።*

*እዚ ሓቂ'ዚ ግን ልክዕ'ዩ ንቶም ግሩሃት ወይ ንቶም እናፈለጡ ዘጥፍኡ ስሱዓት፤ ንቶም ሕዝባዊ ፍቕሪ ዘይቦሎም፣ ንቶም ዘይተረድኦም ብዕምቈት ስለዘይፈለጡዎ፤ ንቶም ኮነ'ይሎም እናፈለጡ ብዕሙት ስምዒታዊ ኤርትራዊ መንነት ዝጕተቱ ዲሞርኮታት፣ ንቶም ስኽራን ሻዕቢያዊ መስፍናዊ ሓቦን ትምክሕቲን ዝመለኾም ሰባት ኣይወሓጠሎምን ይኸውን። ኣይወሓጠሎምን ጥራይ ዘይኮነ'ስ «<u>ሳግላ ብላዕ ኣይትቕላዕ</u>» ብዝብል ዘይክዉንነት ተሸፋፊኖም ክነብሩ'ዮም ዝመርፁ።*

*ብኢደ-ወነኖም ተሓሊቖም፣ ንኤርትራን ሕዝቢ ኤርትራን ወኪሎም ይምክሑ፡- ወሪዱዋ ዘይምዕብልቲ ክንሳ ንኤርትራ'ውን ምዕብልቲ፣ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘይትትንከፍ ልዕለ-ኃያል ሃገር'ያ ይብሉዋ፤ ንቲ ንብዙሕ ዘመናት ብስደትን ህነትን፣ ብጦርነትን ድኽነትን ዝሃለኸ ምስኪን ሕዝቢ ኤርትራ'ውን ድኻ ክንሱ ሓፍታም፣ ማቻ፣ ራህዋ፣ ሰላምን ቅሳነትን ዓሲሉዎ፣ በሊዑ'ስ ፀጊቡ ዘትርፍ ሕዝቢ ከምዝኾነ ኣምሲሎም ይዛረቡሉ። ናብ መርገም'ዶ ኣቲኻ ድኣ ከይትብሉኒ እምበር፣ ኣነስ ሃየንታ እቲ ዘይሃፍታም ክንሱ ሃፍታም፣ ዘይበሎዐ ጾሙ ዝሓደር ሕዝቢ ክንሱ ፀጊቡ እናበሉ ዝዛረቡሉ ዘለዉ ሕዝቢ ኤርትራ ማስቅኡ ይብፅሓዮም እየ ክብል ዝደሊ። ግን ኣይኮነን ድኣ'ምበር ከም'ቲ ንሳቶም ዝብሉዎ ዘለዉ ኤርትራ ሃፍቲማ፣ ሕዝቢ'ውን ራህዋ ኣለዎ ዝብሉዎ ዘልዉ ሓቂ ከምኮነ'ስ ንቶም ግዱሳት ሕዝባዊ ፍቕሪን ሓሌትን ዘለዎም ሰባት እዚ ኣዝዩ መሐጐሶም ነይሩ ይመስለኒ። ኣነ'ኳ ንባዕለይ ዝኾነ ሕዝቢ ክርህዎ እየ ዝፈቱ'ሞ ራህዋ ሕዝቢ ኤርትራ'ውን ብጣዕሚ! ...ብጣዕሚ መሐጐሲ ነይሩ።*

*እምበር'ከ ዞም ሻዕቢያውያን'ስ ልቢ'ዶ ኣለዎም ትብሉና! ብዓይኒ ሓቂ እታ ኵሉ ዓለም ዝፈለጣ ኤርትራ እኮ ድኻ ዓዲ እያ። ኣብ ልዕሊ ድኽነታ ክኣ ብሰንኪ ሻዕቢያ ሰላም ስኢና ኣብ ውግእ ኢና እንነብር ዝብሉ ሻዕቢያውያን ጠረኛታት ወሲዳ እናተሓመሰት እያ ትነብር ዘላ። እዚኣ ድያ እታ ሃፍታም እትብሉዋ ኤርትራኹም? ወይ'ስ ክልእ ብዓይኒ ዘይትርአ ሻዕቢያዊ ምትሃት ዝሰወራ ስዉርቲ ኤርትራ ኣላትኩም? ሃፍቲ ማለት እንታይ ድዩ? ሃፍቲ ማለት ዝይርአ፣ ዘይጨበጥ፣ ዘይዕኮት፣ ዘይዕቀን፣ ዘይስፈር ምሥጢረ መሎኮት ድዩ? ወይ'ስ <u>ትምክሕቲ</u> <u>ኤርትራዊ ሓፍቲ</u>'ዩ ዝብል መዝሙር እናዘመርኩም ክትነብሩ ወሲንኩም ኢኹም?*

*ናይ ሓንቲ ሀገር ሃፍቲ ክዕቀነሉ ዝግባዕ መስፈሪ ክኣ ብገንዘብ፣ ብሓጨ-መጪ፣ ብባጤራ፣ ብቁሳ-ቍስን ንብረትን ዓይነት ኣይኮነን። ሃፍቲ ሃገር ብኸምዚ ይዕቀን ዝብል እምነት የብለይን፤ ኣየኽይድን'ውን፡- ሃፍቲ ዝብሃል ዜጋታት ቀሲኖም፣ ኃቢሮም፣ ተኸባቢሮ፣ ብዲሞክራሲን ብሰላምን ክነብሩ እንተክኢሎም፤ ብትዕግሥቲ ኵሉ ነገራት እናኣለየ ንምብዕባለ ሃገር ቀዳምነት ዝህብ መንግሥቲ ምስዝህሉ፤ ዝውለዱ ህፃናት ብኣካልን ሥነ-ኣእምሮን ብቑዓት ክኢላታት፣ መፍረይቲ ዜጋታት ኮይኖም ምእንቲ ክዓብዩ ኣምሂሩን ሓብሒቡን ዝሕዝ መንግሥቲ እንትትክል፤ እቲ ማኅበረ-ሰብ እውን ካብ ድሑርን ኣጉል ትምክሕቲን ወፂኡ ናብ ምዕቡል ገስጋሳይ ኣተሓሳስባ ክሰግር እንተክኢሉ እዩ ሓደ ኅብረት-ሰብ ሰንማይ/ገስጋሳይ ሃፍታም ክብሃል ዝኽእል። ሻዕቢያ ግን ንእቲ ዘሎ ሃገራዊ ቍጠባዊ ሠረትን ዓንዲ ሑቈ ፍርያትን መፍረይቲ ዜጋታትን ዕሙት ዕሙተይ ኵሉ ናብጦርነት እናማገዱ፣ ምስጐረባብቲን ዓለምን ሰላም ከይህሉ እናሓመሱ፣ ኣብቲ ዓለም ዝተፀየፎ ግብረ ሽበራ (ታህዲድ) እናወዓሉ፣ ብዛዕባ ሃፍቲ ከውርዩ ምፍታኖም ንባዕሉ መድኃኒት ዘይርከቦ ዕሉል ፅላለ እዩ። ኣወ! ፅላለ፤ ብኸምዚ ኤርትራ ኣይትህነጽን* (It is not possible, you stubborn dumb stupid idiot) *ኢልካ ብድፍረት ክትዛረብ ዝደፋፍእ ናይ ሻዕቢያ ፅላለ እዩ።*

*ኩነታት ዓለምን ከባቢኡን ተረዲኡ ዝጕዓዝ ማኅበረ-ሰብ ምዕቡል ወይ'ክኣ ሃፍታም ክብሃል ይኽእል። እንተዘየሎ'ኮ ድሕሪት እንትተረፍካ ፀገም፣ ዓበር-በር፣ ደርገፍ-ገፍ እናበልካ ምዕባለ ዓለም ዘይጠለቦም ነገራት እንተገበርካ'ውን ፀገም እዩ። «ካብ ሃገራ'ያ እትነውሕ ምሸላ'ስ ወይ ንዑፍ*

ወይ ንዋንጭፍ› ከምዝብሃል መንጣሊ ከይምንጥለካ ተጠንቂቕካን ኣስተውዒልካን ዘይምሥራሕ ንባዕሉ ፀገም’ዩ። ስለ’ዚ ኢረትራ እዚታት ኣይተማልእን’ሞ ሃፍታም ኣይኮነትን። ኢረትራ ድኻ እያ፤ ካብተን ድኻታት’ውን እታ ዝደኸየት ድኻ ኢረትራ እያ። ናይ ድኽነት ድኽነት ክኣ ኣብ ውሽጣን ምስ ጐረባብታን ሰላም ምስኣና እዩ።

ብሓቂ! …ብሓቂ! ኢረትራ ቅስንቲ፣ ሃፍታም እንተትኸውን ነይራ ብጣዕሚ ደስ ምበለና ነይሩ። ምኽንያቱ’ውን ቅሱን፣ ምዕቡል ሃፍታም ጐረቤት እንትህሉ’ኮ ግርም እዩ፤ ተረፉ’ኳ ትቕርም። ንሕና ንኹን ኢረትራዊያን ወይ ሕዝቢታት ካልኦት ድኻታት ሃገራት፣ ርሑቕ ተጓዒዝና ጠረፋትን ገዝፍቲ ባሕሪታትን ጥሒስና፣ ውቅያኖሳት ሰጊርና ከም ናብ ኣመሪካን ካልኦት ሃፍታማት ሃገራት ኤውሮጳን ንኸይድ (ንስደድ) ዘለና’ኮ ሃፍታማት ስለ ዝኾና እዩ እምበር ብካሊእ ምኽንያት ከይመስለኩም። ስለ’ዚ ኢረትራ ሃፍታም እንተ-ትኸውን ነይራ ደስ ምበለና፤ ክትህፍትም እውን ኢና እንትምነየላ።

እዞም ብኒ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቒን ክውኑነትን ዘይእመኑ ወይ ዘይኣምኑ፣ ብኒ ኣጕል ካብ ጥፍኣትን ስዕረትን ዘየድኅን ሻዕቢያዊ ጭዋዳ’ውን ዝምክሑ ባእታታት ዝብልዎ ነግር’ኳ ፍሉጥ እዩ። ንሱ’ውን ብዛዕባ ኢረትራን ሕዝቢ ኢረትራን እትዛረቡን እትጽሕፉን ንስኻትኩም መን ትብሃሉ? መን ኢኹም? እንታይ ኣእተወኩም እትሓቱን እትጭነቑን፤ ትም በሉ ምባሎም እዩ። ዘግርም ነገር ግን ንሳቶም ኣብ ጕዳይያት ኢትዮጵያ ሃገርናን ሕዝብናን ኢዶም ኣእትዮም ጦብላሕላሕ እናበሉ ክሕምሱ፣ «ራይጣጥስ’ያ ዳዕሮ ይንቕንቕ› ከምዝብሃል ኣይክንደይ ዓቕሞም እሞ ከምዘይዕወቱ እናፈለጡ ቅሉዕ ወታደራዊ ወራር ከካይዱ፣ መሬትና ቈሪሶም ክወስዱ፣ መንግሥትና ከፍርሱ፣ ሃገር ንኪታራምሱ ከዕግርግሩን ክዓብዱን ይረኣዩ ኣለዉ። እዚ’ዩ እቲ ዓገብ ክበሃለሉ ዝግባእ ነውሪ እምበር ከም’ቲ ኣብዚ ጽሑፍ’ዚ ቀሪቡ ዘሎ ሕቶታትን ሓሳባትን ንዘቕርብ ሰብ እንታይ ኣእተወካ፤ ትም በል ኣይብሃልን። ሻዕቢያዊያን ኢረትራዊያን ነቲ ሓቂ ይቀበሉዎ ኣይቀበሉዎ ብዘየግድስ ትም በሉ ስለዝበሉና ትም ክንብል ኣይግባእን።

ብናይ ሻዕቢያ ፅላለ፣ ጉራን ነፍሒ ፕሮፓጋንዳን ተዓሽዩ ደድሕሪ ሻዕቢያ ዘሸካዕልል እኳ ብዙኅ እንተኾነ፣ ንሕዝቢ ኢረትራ ከምሕዝቢ መጠን፣ ሕዝባዊ ፍቕሪን ክብሪን ይግብኦ እዩ። ስለ’ዚ ንሓፋሽ ሕዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ኣእቲና ዝመሰለና ሓሳብ ክነቕርብ፣ ሕቶ ክንሓትት፣ ክንጽሕፍን ክንዛረብን ይግባእ። ንሕና ኢትዮጵያውያን ብሓፈሽኡ፣ ሕዝቢ ትግራይ ክኣ ብፍላይ ምስ ሕዝቢ ኢረትራ ዘራኽበና ነገራት ብጣዕሚ ብዙኅ! …ብዙኅ እዩ። ሻዕቢያውያን ስለ ዝኸሓዱዎ ኣይከሓድን፤ ርክብና ብዶብ ጥራሕ ዘይኮነ’ስ ናይ ሓባር ታሪኽ፣ መቘቈል ሕዝቢ፣ ባህሊን፣ ቋንቋን …ወዘተ …ወዘተ በዓፅሚን ብደምን ዝተኣሳሰረ ታሪኻዊ ዝምድና ዘለና ሕዝቢ ኢና። እዚ ሻዕቢያ ዝፈጠሮ እዋናዊ ናይ ተጻብኦ ግመ/ደመና ከፅልምቶ ዘይኽእል፣ ፀሓይ ዝወቕዖ ሓቂ እዩ።

ሻዕቢያውያን ግን ንሕውነትን ታሪኻዊ ምትእስሳርን ክልቲኡ ሕዝቢ (ሕዝቢ ኢትዮጵያን ሕዝቢ ኢረትራን) ኣብ ምድምሳስ ንግዚኡ ዝተዓወቱሉ ይመስሎም ይኸውን እዩ። ምኽንያቱ ክኣ ሻዕቢያውያን ቀስ-ብቐስ የረሓሕቑና፣ ይፈላልዩና፣ የባእሱናን የዳምዩናን ስለ ዘለዉ እዩ። ንኣብነት፡- ቀደም ብግርህነትና ኣብ ዝኾነ-ይኹን ቦታን ጊዜን ንኤርትራውያን ‹ኣሕዋትናን ኣሓትናን› እናበልና እንጽሕፍን እንዛረበሎምን ነይርና፤ ኣረ ንሕለቐሎም’ውን ነይርና ኢና። ሎሚ ግን ብሰንኪ ሻዕቢያዊ ብድዐ ክነዳግም ወይ’ውን ክንጠራጠር ጀሚርና ክበሃል ይከኣል።

ንታ ሕውነት’ውን ባዕልቶም ከዲዕ’ሟ፤ ኣብ ማይ ከምዝኣተወት ዓካር ጨው ኣሕቒቖም ኣጥፊኦ’ሟ እዮም። ስለ’ዚ ከይፈተና ጐረባብትና እናበልና ክንዛረብን ክንጽሕፍን ኵነታቶም ይደፋፍኣና ኣሎ። ኣረ እቲ ጕርብትና’ውን መልክዕ እንተ ዝህልዎ’ስ ግርም’ዩ ነይሩ፤ ዝገርም ነገር ግን ንጕርብትና እውን ኣይጥዑማትን። ጕርብትንኦም ንማኒም ጐረቤት ኣይጠዓሞን፡- ንሶዳን ኣይጠዓሞምን፤ ንየመን ኣይጠዓሞምን፤ ንጁቡቲ ኣይጠዓሞምን፤ ንኣና ንኢትዮጵያውያን ኣይጠዓመናን፤ ምስ ኵልና ጐረባብቲ ሰናይ ጕርብትና የብሎምን። ከምዕብዲት ከልቢ በቢታራ ምስኵለን እናተላኸፉ፣ እናተናኸሱ ድቃስ ልዋም ሌይቲ ከሊኦምወን። ኣይክንደይ ዓቕሞም ምስኵለን ጐረባብቲ ብግፍዒን ብትምክሕቲን ዶብ እናሰገሩ መሬተንን ንብረተንን እናወረሩ፣

*ጦርነት ኣናፃሕተሩ መከራኣን ኣብሊያምወን። ነገር ግን «ኣይትዓላ ከይትውዕለካ፣ ኣይትስሓላ ከይትሓርደካ» ከምዝብሃል ንባዕልቶም እውን ኣብዘይወፁዎ ዓዘቕቲን ውድቀትን ኣቲዮም ኣለዉ። ዞም ረያጥጥ'ስ እምበር'ከ ልቢ'ዶ ኣለዎም ትብሉና ዘበለኒ ነገር'ውን እዚ'ዩ። ይገርም! ...ይገርም! እወ! ኣነ'ስ ገሪሙኒ፤ ኣጎዚኑኒ'ውን። ንስኻትኩም'ከ ኣይገረመኩምን'ዶ?*

---

*እወ! ...ዝገርም ነገር'ዩ፦ ረይጣጥ ጓል ረይጣጥ፤*
*ጃህራ ተኸዲንካ ወጠጥ፤*
*ዓቐብ ዘይትወፅእ ማዕጣጥ፤*
*ኣይክንደይ ንሳ'ስ ተፋጥጥ።*

*እሞ ክኣ! ... ዘይትሓፍር ደፋር፤*
*ሻዕቢያ ገባሪት ዘይግቡር፤*
*እናሞተት ትፍክር፤ ጦርነት ትፅሕትር።*

*ካብ ቅድመ ዘመን ወአዝማናት፤*
*ተበሊዑ ዝተፍሓቼ መሬት፤*
*ሕዝቢ እናሃለቐ ብጥምየት ብጦርነት፤*
*በበይ ሓልፍኩም ክትኮኑ ሃፍታማት።*

*ልሙዕነቱ ፀምልዩ ዝደረቐ*
*ሰማዩ ዝረቐቐ'*

*ድኻ ዝተበልዐ መሬት ሒዝካ'ስ ጃህራ፤*
*ወሪዱዋ ኢረትራ! ሕዝባ ድኻ ንሳ ዒባራ፤*
*ክሉ ግዳ! ... ክንቱ ብድዐ'ዩ ኣጉል ጉራ፤*
*ዋጋ የብሉን ኣይጠቕሞን ንሕዝቢ ኢረትራ፤*

*እንተ ንሕና'ሞ ንሕና፤*
*ከም መጠን ኣሕዋት ንልግስ ምኽርና፤*
*ኣይሰምዕን ኢልኪ እንተ ኣብ'ኺ ግና!*

*ንዕገስ! ... ንዕገስ! ንጸረኪ «ዓር ንብለኪ፣ ክር ንብለኪ፤*
*እንተ አበኺ፣ ንነብሪ ይበልኪ»*

*ሰላም ዘይትደሊ ሻዕቢያ ሃውታታ፤*
*ብፀሐይ ግዝት በወርጊ ምሕፅንታ*
*ንኣይ! ... እሞ'ስ ንኣይ! ... ንኣይ ንኣንጨዋ'ስ ብታህዲድ ብለቼታ፤*
*ብጦርነት ካርታ እንተ ኾይኑ ፀወታ፤*
*አብታ ትደልዩ,ያ ቦታ፣*
*ኣብኣ የራኽበና ኮታ።*

*አወ! ... ሓቂ ዝሓዘ ይዕወት፤*
*እንሆ ንበረከት!!*

*ሓፂር ጽሑፍ ብግጢሚ ሰንዩ፤*
*ልዋም ንባብ ድሓን ቀንዩ።*

*ኪዳነ ወዲ ዲህን።*

---